ስምረት ኤርትራውያን ንፍትሒ

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ

ቁጽሪ ሰነድ: 01/2017

ዕለት፡ 24/09/2017

# ሓባራዊ መግለጺ ሓድነት

## ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪን ስምረት ኤርትራውያን ንፍትሒ

ዝኸበርካ ሓፋሽ ህዝብና ኣብ ውሽጢ ብሕሱም ሓለንጊ ሻራ ህግድፍ እትግረፍ ከም ኡውን ኣብ ስደት፥ ንስድትን ንገባቲ ስርዓት ኣብ ምፍራስ ንማንታ ሕሰም ትብድህ ዘለኻ ተውለ ህዝቢ ካብ መዓምቕ ልብና ሰላምታና ይብጻሕካ።

ውዳቤታትና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪን ስምረት ኤርትራውያን ንፍትሒን ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ደው ብምባል ምሉእ ሓርነት ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ካብ ዝቃለሳ ዘለዋ ሓይልታት ለውጢ እየን። እዘን ክልተ ዲሞክራስያውያን ውድባት ካብ ዝኽተልኦ ፖለቲካዊ ፕሮግራማት ብምብጋስ መሰረታት ክልቲአን ሓይልታት ናብ መሪሕነታት ብዝጠለብዎ  ዘተ ሓድነት ናይ ምጅማር መስርሕ ብመሪሕነት ተቀባልነት ስለዝረከበ ንሓያሎ ኣዋርሕ ክዛተያ ጸኒሐን።

ዘተ ሓድነት ክልቲኡ ሓይልታት ካብ ነብሲ ወከፍ ውዳቤ  ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነት ሽማግለ ዘተ ብምውጻእ ንኣዋርሕ ክካየድ ዝጸንሐ ዘተ ኮይኑ፡ ሽማግለ ዘተ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ክልቲኡ ሓይልታት ብደቂቑ ድሕሪ ምዝታይ ንክልቲኡ ናይ ቃልሲ ጥርናፈታት ዘመሳስልን ዝፈላልን ነጥብታት ብግቡእ ፈላልዮም ብምቅማጥ ንዝተረከቡ ነጥበ ፍልልያት ድሕሪ ነዊሕ ዘተታት መፍትሒ ብምርካብ ንፍልልያት ግሃድኤ ሕድሪን ስምረት ኤርትራውያን ንፍትሒን ናብ ዜሮ ብምውራድ ጸብጻባቱ ናብ መሪሕነት ክልቲኡ ሓይልታት ኣቕሪቡ።

መሪሕነት ክልቲኡ ሓይልታት ብወገኑ ሽማግለ ዘተ ንዘካየድዎን ዝተኸተልዎን መስርሓት ብግቡእ ብምግምጋም ተቐባልነት ብምሃብ፡ ንኹሉ ናይ ዘተ ኣገባባትን ውጽኢቱን ናብ መሰረታት ክልቲኡ ውዳቤታት ከም ዝበጽሕ ብምግባር ርእይቶ መሰረታት ብዝግባእ ብምክታት ሓይልታትና  ፍጹም ሓድነት ንኽገብር ተሰማሚዑ ኣሎ። ንዝቐጽል መስርሕ ሓድነት ብዝምልከት ከኣ ናብ ጉባኤ ዘብጽሓና ናይ ሓባር መሪሕነት ብምቛም : ብፍጹም ሓድነት ጉባኤ ከም ንኣቱ ከነበስር ንፈቱ::

**ክብርና ክምለስ! ሓቢርና ንቃለስ!**

**ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኹሉ!**